**ትብጻሕ ናብ ኣቶ ኣለም ጎይትኦም**

**ኣዳላዊን ዋናን መሰከረም ዳት ነት።**

**ብነጋሲ ኣብራሃ**

08/24/2008

ብመጀመርያ ዝለዓለ ሰላምታይ ተቐበል። ብምቕጻል ብዛዕባ'ቶም ኣብ ዓውደ መርበብካ እተስፍሮም ናይ ስነ ጽሑፋትካ ትሕዝቶታት ዘለኒ ሚዛንን ርእይቶን ክህበሉ ኣፍቅደለይ። ፈለማ መስከረም ዳት ነት ኣብ ዝጀመርካሉ እዋን፣ እቲ ብመጣቓዕትን መዳኸርትን ዝተዓብለለ ኢንተርነት "ደሃይ" ንበይኑ ብሒቱ ዝዕንድረሉ እዋን ምንባሩ ትዝ ይብለኒ። "መስከረም ዳት ነት ….. ፈለማ ናይ ተቓውሞ ወብ ሳይት" ብዝብል ስያመ ብድሆ ኢልካ ምእዋጅካ፣ ኣካል ናይ ተቓወምቲ ምልኪን፣ ድምጺ ውጹዕ ህዝቢን ዘበስር ብምንባሩ፣ ደላይ ለውጢን ፍትሒን ኣብ ሃገሩስ ብልቢ ድአ ደገፈካ። እንተኾን ግን ኣብ ውሱን መድረኽ፣ ሒቕታ እንዳሐዘካ ትንፋስካ ክሐጽርን፣ ቃናኻ እንዳተቐያየረ ክመጽእን ጋህዲ እንዳኾነ መጸ። ወረግ ሐደ ሐደ ጊዜ'ስ ሰብ ዓውደ ኢንተርነት ከንብብ ይጥውቕ'ሞ፣ እምበር'ዶ መስከረም ኢለ ኢየ ኣብዚ ጠዊቐ ብምባል፣ ንምእማኑን ንምቕባሉን ጸጊምዎ ድንግርግር ይብሎ። ናይ ህግደፍ ሕማም መንደፍ፣ መአስን ኣበይን ከምዝተነደፍካ፣ ሰብ ገሪምዎ እምበር'ዶ ሐቂ'ዩ ብምባል ብኣርምሞ ኣስተንከረ። ነቲ ፈለማ ዝኣተኻዮ ኪዳንን፣ ነቲ ዝጨራሕካዮ ጭርሖን ንኽትጠልም ከአ፣ መንቀሊ ዝኾነካ ባይታ ንኽትምህዝ ግድነት ነበረ። ዘገርም'ዩ "ጋዜጣን ጋዜጠኛን ድአ ንኹሉ ከስፍር ኣለዎ'ምበር…" ዝብል መመላኽዒ ምስምስ ዝኾነካ ጉልባብ ክትፈጥርን ፣ በብቕሩብ ፍሑኽ እንዳበልካ ክትርሕቕን፣ ኣማስያኡ እንከ፣ ብዘገርም ቅጽበት እንዳላህላህካ፣ ኣፍ ድርኩኹት ደንበ ህግደፍ ክትከትትን ሐደ ድአ ኮነ። *ጽንሕ ኢልካ እንተረአኻስ ድስቲ ኩስኩስቲ ህግደፍ ሒዝካ ክትቀላቐልን፣ ኣብ ቲቪ ኤረ ተቓንዩ ዝተደርፈ፣ ኣብ ሐዳስ ኤርትራ ተጠማዚዙ ዝተጻሕፈ ምድንጋራት ከዳቕልን ክትኹሕልን ድአ ኮንትራት ኣተኻ።* ወያ ውቕብቲ ዝነበረት "መስከረም ዳት ነት" ኣባት ዛር ዝሐዛ ክትመስል ፣ ብስእሊ ገባቲ ኢሳያስ ኣፍወርቂን፣ ብመዓት ሐንጀመንጂ ብሪቕሪቕን ኣዘቕበብካያ። ብዕስለ ዕሱባት ህግደፍ ያኢ ክትፍልፈል፣ ውሻጠአ ብገበታ መዳኸርቲ፣ ገበለአ ከአ ኣብ ጫፍ መልሐሶም "ወዲ ኣፎም" ዝብል ስቕሬን ዝተሶቕሩ መጫፈርቲን ተዓፈነት። ገለገለ ናይ ንጽህና ሐቂ መሲልዎም "ጋዜጠኛ እንድዩ ኩሉ ከውጽእ ኣለዎ" ብምባል ንነዊሕ እዋን ዝተኸላኸሉልካ'ውን ኣይተሳእኑን። እቲ ሐቂ ግን ሕቡእን ሽፉንን ሕጹይ ጸኒሕካ፣ ኣብ ንእዲ ሕጽኖት ህግደፍ ብሕቡእ ክሕጸን ዝጸንሔ መርዓዊ ምኻንካስ ኣጸቢቑ ድአ ተጋህደ። ኣማን ብኣማን መርዓዊ ህግደፍ።

ንህግደፍ ዝያዳ ተኣማንነትካ ከተመስክር እንከ፣ "ፕረሲዳንት ኢሳያስ" እንዳበልካ ነቲ ሽፍታ ደመኛ ህዝቢ ኤርትራን ደቁን ዝኾነ መላኺ ኣምባ ገነን ደጋጊምካ ምልዓልን፣ ቀለምካ ክሳብ ዝደርቕ ብዛዕባኡ መርበብካ ምውራቕን፣ ንተቓወምቲ ኤርትራውያን ዘነውርን ዘጠቅርን፣ ብዓበይቲ ቀጻላ ፊደላት ኣብ ቅድሚት መናድቕካ ነውራም ታቤላ ምስቃልን፣ ሎሚስ ሰብ'ውን ዝለመዶ ድአ ኮነ።

ብዛዕባቲ ኣብ ቀረባ ዝቖመ “ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ” ዝተባህለ ተቓዋሚ ፓርቲ፣ ናይ ሰላም ልኡኻቱ ኣብ ትግራይ ንዝገበርዎ ዑደት ኣልዒካ ብዙሕ ምዝራብካ ዘገርም ኣይኮነን። ከመይ ብኣተሓሳስባ ልበ ድኹማን ዝኾኑ ናፈቕቲ ጊላነት፣ እቲ ቀንጻሊ ዝኾነ ጉጅለ ኢሳያስን፣ እታ ሕዛእቲ ተኺሉ ዝኾነት ህግደፋዊት ማሕበሮምን፣ ዝበለቶን ዝባረኸቶን ጥራሕ'ዩ ያኢ ቅኑዕ። ሰይኮ'ታ!! እዚ'ሞ ዝሐመመ ከብዱ ይረመጽ'ምበር፣ ናይ ምልኪ ግዜን ሰዓትን ደጊም ወዲኡ ኢዩ። ንዓደቦ ዝኾነት ሃገረ ኤርትራ ዘርብሕን፣ ንኹሉ ግልጺ ዝኾነ፣ ምስ ጎረባብትና ናይ ሰላምን ሕውነትን ናይ ምልዛብ መስርሕ፣ ደጊም ተጀሚሩ ኢዩ ዓጋቲ ከአ የብሉን። ከመይ ናይ ኤርትራን ህዝባን ረብሐ፣ ጸላእቲ እንዳፈጠርካ ውግእን ምእጓድን፣ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ጎቦታት ኣስፊርካ፣ ፍርቁ ከአ ሃገሩ ጠንጢኑ እንዳሃደመ ከምዝስደድ ምግባርን ኣይኮነን።

*እቲ ዘነውር ዝበልካዮ ብጹሓት ኢትዮጵያውያን እቲ ዝተገብረ ናይ ሰላማዊ ሰብ ተቐማጢ ሃገሮም ኢርትራዊ ናይ ምስንጉ ስጉምቲ ግጉይ ከምዝነበረ ኣብ ቃልዕ ክዛረቡ ከለዉ ልኡኽ ሰልፊ ኸኣ ነቶም 583 ተማሃሮ ቀዳማይ ደረጃ ዝተረኽበ ምስ ውግእ ርኽክብን ዝምድናን ዘይብሎም ህጻውንቲ ሞት ከምዝሕዘኖ ገሊጹ ዕምባባ ምቕማጡ እንታይ እዩ ጸገምካ? እቲ ተጣቓዓሉ ህግደፍ እውን ጌጋ ደኣምበር ኮነ ኢልካ ከምዘይተግበረ እዩ ኣብቲ እዋን እቲ ዝገለጸ። ልኡኽ ሰልፊ እቲ ብሰላም ክድቅስ ዝነብሮ ናይ ዶብ ጉዳይ ዘየድሊ ኵናት ዘህለቓ ናይ ክልቲኡ ሃገራት መንእሰይ ከምዝሕዘኖ እንተገለጸስ ከመይ ኢሉ እዩ ንህዝቢ ኢርትራ ዘጕህዮ? እቲ መንእሰይ ክሃልቕዝነበሮን ዘሓጉስን ዲኻ ክትብል ደሊኻ? እንተ ህግደፍ ስለዘይባረኾ ቅኑዕ ኣይኮነን ምባልካ ግን ከተቃባጥር ወይ ውን ንህግደፍ ሓርበኛንትካ ከተዕግብ ክትብል ልዕሊ ህግደፍ ህግደፍ ክትከውን ትፍትን ዘሎኻ ትመስል እዚ ኸኣ ልዕሊ ጳጳስ ካቶሊክ ምኻን ተባሂሉ እዩ እሞ ኣይሰርሕን እዩ።*

እዚ'ሞ ቀንዲ ውራይን ዕዮን ናይ ህግደፍ'ዩ። እቲ ንዓለም ምሉእ መስሐቕ ዝኾነ፣ ኣዝዩ ከአ ዘሕፍር ኢሳያስ ዘረባ ያኢ ኣኺበ ኢሉ፣ ንመንእሰይ ኤርትራ ዘህድሞ ዘሎ ኣመሪካን ሲ.ኣይ.ኤን ምባሉ ንኣዳም ገረም ኢዩ። እሰከ በዚ ኣጋጣሚ ነቲ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ኣትሒዙ ክሳብ ምሉእ ዓለም ዝተበተነ መንእሰይ ኤርትራ ክሐቶ። ኢሂ ንኡሰይ ምልምል ኤርትራዊ መንእሰይ፣ ያኢ ኣመሪካን ሲ.ኣይ.ኤይን ኣብ ገዛኻ መጺኦም'ስ፣ ህደምካ ካብ ገዛኻ፣ ውጻእ ካብ ዓድኻ ኢሎም ኣብ እዝንካ ሕሹኽ ስለዝበሉኻ ኢኻ ናብ ሰደት ኣምሪሕካ? እስከ ኣብ ዘለኻ ኣሊኻ ሐቀኛ ምስክርነትካ ሃብ መንእሰይ? ነዚ ከምዚ ኢሉ ብህዝብን መንእሰያትን ዝሕጭጭ መራሕን፣ ዘላግጽ ስርዓትን እኮ ኢዩ ኣለም ጎይትኦም ዝጣበቕ ዘሎ።

ይተካእ ይለቀብ እንከ ብሰንኪ ሐንቲ ንእሽትለይ ቁሸት ባድመ ኣሳቢብካ፣ ንብዓባያ መላእ ኤርትራ ብኣፋን ብኸብዳን ሎጕምካ፣ ምቕታላን ምርማሳን'ሲ፣ ካን ናይ ኤርትራውነት ሐልዮትን መለለዪን ዶ'ኾን ክትርጎም ኢዩ? እዚ'ሞ ናይ ሐደ ደመኛ ህዝቢ ዝኾነ ተግባራት ዕሉል ጸላኢ ኢዩ። ናይ ለባም ኤርትራዊ ስራሕን ምርጫን፣ ነቲ ኣብ ሐንቲ ጫፍ ኤርትራ ዘሎ ዘየሰማማዓካ ጉዳይ ዶብ፣ ክሳብ መርፎኡ ዝበጽሕ ሕጋዊን ሰላማዊን መስርሕ ምቕጻልን ምክያድን፣ ነቲ ኣብ መላእ ኤርትራ ክሰላሰል ዝግብኦ መስርሕ ደሞክራስያዊ መሰልን ማዕርነትን፣ መስርሕ ልምዓት ሰላምን ከአ፣ ከይዓገትካ ማዕረ ማዕረኡ ብነጻ ምክያዱን'ዩ። እሞ ኣቶ ኣለም ነቶም “ብሕም ዝበለ ይትሐጎም” ብምባል ንህዝብና ድላዩ ከይዛረብ ብልሳኑ፣

ከም ልቡ ከይስጉም ብእግሩ፣ ነጊዱ ከይበልዕ ባዕላቶም ነጋዶ ሸቃጦ ዝኾኑ፣ሕጊን ፍትሒን ዘይብሎም፣ “መንግስቲ” ዝመጸውዒ ሸሞም፣ ኣስመራ ከአ ዝመደበሮም ናይ ቀትሪ ሸፋቱ፣ ኣገልጋሊ ምኳንካ'ስ የሕፍር'ምበር የኾርዕ'ዶ? እዚ ሰነድ'ዚ ሓደ መዓልቲ ኣብ ማእከል ህዝብናን ዓድናን ክንበብ ኢዩ። ድሐን መዓልቲ ጥራሕ ጸብጽብ፣ እዚ ጸላም'ዚ ክወግሕን ክጸብሕን'ዩ። ወይለኻ ንሕልናኻ!! ከመይ ካብ ናይ ሰብ ፍርዲ ዝመረረ፣ እቲ ናይ ሕልና ፍርዲ ብምኳኑ።

ኣብ ረብሐ ኣህዛብ ዝተመስረተ፣ ንዑላውነት ሃገራትና ብማዕረ ዘኽበረ፣ ንኹሉ ግሉጽን ንጹር ዝኾነ፣ ናይ ሰላም ልዝብን ዑደትን ምስ ኩሎም ጎረባብትና ሕጂ'ውን ቀጻሊ ኢዩ። ባርኾትን ፍቓድን ናይ ህግደፍን ኮራኹሩን ከአ ኣይንጽበየሉን። ንስኻ ምስቲ ጽባሕ ዲኖ ህበይ ዝኸደን ሽፍታ ስርዓት ህግደፍ፣ ንሕና ከአ ምስቲ ጽባሕ ዝዕወት ሰፊሕ ህዝብና ክንስለፍ ናይ ግድን'ዩ። ብዘይጥርጥር ከአ ክንዕወት ኢና። ክሳብ ሽዑ ከአ ድሐን ኩን።